## ኢሳይያስ 49

13 እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኣጸናንዔ፡ ንሽጉራቱውን ኪምሕሮም እዩ እሞ፡ ኣቱም ሰማያት፡ እልል በሉ፡
ኣቲ ምድሪ፡ ተሐጐሲ፡ ኣቱም ኣኽራን፡ እልል እናበልኩም ጨድሩ።
14 ጽዮን ግና፡ እግዚኣብሄር ራሕ ኣቢሉ ሐዲጉኒ፡ ጐይታ ረሲዑኒ፡ በለት።
15 ሰበይቲዶ ንፍረ ኸርሳ ኸሳዕ ዘይትርሕርሓሉ፡ ነቲ ዚጠቡ ውሉዳ ኸትርስዕ ይከኣላ እዩ? ምንም እኳ
ንሳተን እንተ ረስዓ፡ ኣነስ ኣይክርስዓክን እየ።
16 እንሆ፡ ኣብ ኢደይ ወቒጠኪ ኣሎኹ፡ ቀጽርታትኪ ድማ ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እዩ።
17 ውሉድኪ ቐልጢፎም ይመጹ፡ መፍርስትኺን መጥፋእትኽን ይወጹልኪ።
18 ዓይንኺ ቕሊሕ ኣብሊ እሞ ኣብ ዙርያኺ ጠምቲ፡ ኩላቶም ተኣኻኺቦም ናባኺ ይሙጹ ኣለው። ኣነ
ህያው እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ንኹላቶም ከም ስልማት ክትክደንዮም፡ ከም መርዓት ከኣ
ክትወናዘፍዮም ኢኺ።

## ኤፌሶን 4

30 ነቲ ንመዓልቲ ምድሓን እተሐተምኩምሉ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጕህይዎ።
31 ብዘሎ መሪርን ነድርን ኵራን ታዕታዕን ጸርፍን ምስ ኵሉ ኽፍኣት ዘበለ ካባካትኩም ይርሓቕ።
32 ግናኸ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንሓድሕድኩም ተላዋህትን ተዳናገጽትን
ኴንኩም፡ ይቕረ ተባሃሃሉ።

## ማቴዎስ 18

1 በታ ጊዜ እቲኣ እቶም ደቀ መዛሙርቱ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት መን ኰን ይበልጽ፧ እናበሉ ናብ
የሱስ ቀረቡ።
2 ንሱ ድማ ቘልዓ ጸዊዑ ኣብ ማእከሎም ደው ኣበሎ።
3 በለ ኸኣ፡ እንተ ዘይተመለስኩም፡ ከም ቈልዓውን እንተ ዘይኰንኩም፡ ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ
ኸም ዘይትኣትዉ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።
4 እቲ ኸምዚ ቘልዓዚ ርእሱ ዜትሕት፡ ንሱ እዩ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዚበልጽ።
5 ንኸምዚ ዝበለ ቘልዓ ብስመይ ዚቕበል፡ ንኣይ ይቕበል።
6 ካብዞም ብኣይ ዚእምኑ ናእሽቱ ንሓደ ዜስሕት ግና፡ መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ዓሚቕ
ባሕሪ ኺጥሕል ይሔሾ።
7 መዓንቀፉ ኸይመጸ ኣይተርፍን እዩ እሞ፡ ወይለኣ ንዓለም ብሰሪ መዓንቀፊ። ምናዳ ነቲ ብሰሩ
ስሕተት ዚመጽእ ሰብ ወይለኡ።
8 ኢድካ ወይ እግርኻ እንተ ኣስሐተትካ፡ ካባኻ ቈሪጽካ ደርብያ። ክልተ ኢድን ክልተ እግርን ከሎካ ናብ
ናይ ዘለኣለም ሓዊ ኻብ እትድርበስ፡ ቍሩጽ ወይስ ሓንካስ ኴንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሔሸካ።
9 ዓይንኻ እንተ ኣስሐተትካውን፡ ካባኻ ጐጥጕጥካ ደርብያ። ክልተ ዓይኒ ኸለዋኻ፡ ናብ ገሃነም ሓዊ
ኻብ እትድርበስ፡ ነቛር ኺንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሔሸካ።
10 ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ እኳ ከይትንዕቑ ተጠንቀቑ። መላእኽቶም ኣብ ሰማያት ኵሉ ሳዕ ገጽ እቲ
ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ይርእዩ ኣለዉ፡ እብለኩም አሎኹ።
11 ወዲ ሰብ ንዝጠፍኤ ኼድሕን መጺኡ አሎ እሞ፡
12 እንታይ ይመስለኩም፧ ሚእቲ በጊዕ ዘለዋኦ ሰብኣይ፡ ካብኤን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶ፡ ነተን ተስዓን
ትሽዓተን ሐዲጉዶ ነታ ዝጠፍኤት ኪደሊ ናብ ኣኽራን ኣይከይድን፧

13 እንተ ረኸባ ድማ፡ ካብተን ተስዓን ትሽዓተን ዘይጠፍኣስ፡ ብእኣ ኣዝዩ ኸም ዚሕጎስ፡ ብሓቂ
እብለኩም አሎኹ።
14 ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ኺጠፍእ፡ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ኣይኰነን።